*Remembering unique Eritreans in contemporary history*

*A*

*short biography*

*Of*

# Ayte Feleskinos



*Source: Tigrinja book ማሰን መልቀስን ቀዳሞት*

*By*

*Solomon Tsehaye*

*2012*

Asmara, Eritrea 2012

*ጀጋኑና ንዘክሮም*

ሓጺር

ታሪኽ ሂወት

# ኣይተ ፈለስኪኖስ



ካብ መጽሓፍ ናይ ሰሎሙን ጽሃየ

ማሰን መልቀስን ቀዳሞት

2012

ኣስመራ ፣ ኤርትራ

2012

# ዝርዝር ትሕዝቶ


| | |
|---|---|
| ዉልቃዊ ሓበሬታ | 149 |
| ጎይታና ሰሊዓ | 151 |
| ወዲ ትርኳይ | 152 |
| ዻሕዻሕኩዎኸ'ሞ | 152 |

# ኣይተ ፈለስኪኖስ

ብ1735 ኣቢሎም ከም ዝተወልዱ ዝግመቱ ኣይተ ፈለስኪኖስ ኣብ ሳርዳ (ሎጎ) ይነብሩ ከም ዝነበሩ ይንገር። "ካብ ጊዜ ንእስነቶም ኣትሒዞም ኣገልጋሊ ናይ'ቶም እኽሊ ብሓረጣ የለቅሑ ብምንባሮም፣ 'እንተ ገደደ ገደደስ እንዳ ትርኳይ ንዕደ፣' ይብሃለሎም ኔሩ ዝብሃሉ ባሕረጋስ ትርኳይ ገብርየስ (ሳርዳ) ከም ዝነበሩ ታሪኽ ጸኒሑና፡" ኢሎም ከኣ የዘንትዉ ፍሉጥ ተባህለ በሃላይ ኣቶ ጠዓመ ደስታ። ብመሰረት'ዚ ተባህለ'ዚ፣ ኣይተ ፈለስኪኖስ፡ ኣብ ባሕረጋስ ትርኳይ ተዓሲቦም እናሰርሑ ኽለዉ ማሰን መልቀስን ብምኽኣሎም ፈቓደ ማስ ዝብሃሎን ዝልቀሰን ውራያትን

ቀብርታትን ከኸዱ ኽብሉ ነቲ ዝወሃቦም ዝነበረ ዕማማት ስለ ዘጕደሉ ኣሰራሒኦም ከፋንውዎም ወሰኑ። እታ ኣብ ገጽ 109 ዘላ፣ "ሰብ ኢለዶ" ትብል ኣብ ኤርትራ ዛጊት ኣብ ዝኸረ ካብ ዝጸንሐ ማሰን መልቀስን

ዝቐደመት ማሰ ድማ፡ ሽዓ'ታ ከሰናብቱዎም ከለዉ፡ ማሰ በለለይ ኢሎሞም ዝገበሩሎም'ያ ይብሃል። ኣይተ ፈለስኪኖስ ኣዝዮም ውሩይ ማሰኛ ኾይኖም ማዕረ ናብ ርሑቕ ቦታታት'ውን እናኸዱ ማሰ ይብሉን የልቅሱን ድሕሪ ምንባር ብገሊኦም ሰብ ሎን ሳርዳ ምስ ተቐየሙ ነታ ትሕት ኢላ ቐሪባ ዘላ ንለሳ ትጸርፍ ንኻልኦት ከባቢታት ግን ትንእድ ወይ ይግብእን ዝበሉዎ ትህብ መልቀስ ጌሮም፡ ነቲ ዝነበሮም ሓደ ወዲ ሒዞም ናብ ማይ ሰገሞ ዝብሃል ኣብ ትግራይ ዝርከብ ቦታ ከይዶም ዝብል ዛንታ'ሎ። ኣብ ትግራይ፡ ብስሞም እንዳ ኣይተ ፈለስኪኖስ ተባሂሎም ዝጽውዑ ማይ ቤት ከም ዘለዉ ካብ ዓበይቲ ሰባት ንሰምዕ ኔርና ዝብሉ ወሃብቲ ሓበሬታ'ውን ኣለዉ። ኣብ ትግራይ ነቲ ዘርኦም ኣለዉዎ ዝብሃል ዓዲ (ወይ ዓድታት) ረኺብካ ተወሳኺ ምርምር ክካየድ ኣድላዪ ምኾነ፡ ኣብዚ ጊዜ'ዚ ከምኡ ክግበር ስለ ዘይጥዕም ግን፡ መጽናዕቲ ዘፍቅድ ኩነታት ክሳዕ ዝመጽእ ክጽናሕ ግድን'ዩ።

ማሰን መልቀስን ቅድሚ ኣይተ ፈለስኪኖስ'ውን ዝነበረ ስነ ግጥማዊ ጥበብን ኣቀራርባን ምኻኑ'ኳ ኣብ ጥርጣረ ዝኣቱ እንተ ዘይኮነ፡ ከምቲ ልዒሉ ኣብ መእተዊ ዝተገልጸ፡ ኣብ ያታዊ ሕብረተ ሰብ ኤርትራ፡ ፍልጠት፡ ብዘይ ዝኾነ ዓይነት ሰነዳ፡ ብኣፍ ጥራይ ክመሓላለፍ ስለ ዝጸንሐ ቅድሚኦም ዝነበሩ ማሰኛታት በዓል መን ምኻኖም ይኹን እንታይ እንታይ ማሰን መልቀስን ከም ዝዝበሩ ክፍለጥ ኣይተኻእለን። ዝኸሪ ናይቲ ቕድሚኦም ዝነበረ ማሰን መልቀስን በብቑሩብ እናሃሰሰ ብምኻድ ምስ ምንዋሕ ጊዜን ምሕላፍ ወለዶታትን ኣሰር ወይ ሓድጊ ዘይብሉ ጠፊኡ ተሪፉ። ኩነታትናይ'ቶም ቅድሚኦም ዝነበሩ ማሰኛታት ከምዚ ብምኻኑ ድማ፡ ዛጊት ኣብ ኤርትራ እቶም ምስ ፍርያቶም ብተባህለ ክሳዕ'ዚ ዘለናዮ መጀመርታ 21 ዘመን ክበጽሑ ዝኸኣሉ ዝገደሙ ማሰኛ ኣይተ ፈለስኪኖስ'ዮም።

❁

ሓደ ጊዜ፡ ሰብ ሎን ሳርዳ ንሰራዩ ዘኸይድ ቀብሪ ረኺቦም ንኣይተ ፈለስኪኖስ መላቐሲ ሒዞሞም ከዱ። ኣይተ ፈለስኪኖስ ነቶም ስድራ መዋቲ ብመልቀሶም ስለ ዘሐጐሱዎም ከኣ፡ እቶም ስድራ ላምን ብዕራይን ሃቡዎም። ላሞምን ብዕራዮምን ሒዞም ምስ መጓዕዝቶም ንዓዶም እናተመልሱ ኸለዉ ድማ፡ ኣብ መንገዶም ሓደ ሓዘንተኛታት ብብኸያት ክባልዑ ዝደለዩሉ ሓመድ ድበ ኣጋጠሞም'ሞ ቀብሪ ረጊጽካ ስለ ዘይክየድ

ናብ'ቶም ቀባሮ ተሓወሱ። ናብ ገሊኦም ቅርብ ኢሎም ከኣ፡ መዋቲ፡ ከመይ ዝበሉ ሰብ ከም ዝነበሩን ብምንታይ ከም ዝሞቱን ሓተቱ። ብፍጥረቶም ሰብ ከየሰንፎም ዘይፈርሁ ተባዕን ሓያልን ሰብኣይ ከም ዝነበሩ፡ ከብትኹም ተዘሚተን ተባሂሎም ብጐያ ረዲኦም ነቲ ዘማቲ ኣርኪቦም ኢዱ ካብ መንከቡ ብጕራደ ሰሊዖም ከም ዝቐተሉዎ፡ ነታ ኢዱ ከም በትሪ መኹብኩቢ ናይ'ተን ከብቲ ጌሮማ ጥሪቶም ሒዞም ከምለሱ ኸለዉ ግን፡ ሓደ ማንም ከታሪ ተሓቢኡ ጸኒሑ ኣዘንጊዑ ከም ዝቐተሎም ተነግሮም። ዝልቀሶ ኣማውታ ኾይኑ ስለ ዝረኸቡዎ ድማ፡ ኣይተ ፈለስኪኖስ፡ ወየ ወየ እናበሉ ናብ ማእከል ቅርዓት ኣትዮም ከምዚ ኺብሉ ኣልቀሱሎም።

ጐይታና ሰሊዓ

ሜትኩምዶ ጐይታና ሰሊዓ
ሕፍኒ ባሩድ፡ ጥይት ካዕቦ እንቅዓ
እዚኣን ኩለን ክሻዕ ዝውድኣ
ዓይኑን ልቡን ዘይዘናግዓ
ኔሩኩም ደኣ ዝተገብረ ቢልዓ[1]
እምበር ንዋይዶ ብኢድ ሰብ ይውቅዓ
ቀተለኩም ዘይጠቅም ቈልዓ።

ሰብ ሎሚ ሳርዳ ስነ ስርዓት ቀብሪ ምስ ተፈጸመ፡ ጽንዓት ይሃብኩም ኢሎም መንገዶም ቀጸሉ። እንተ ኾነ፡ መረብ፡ ብርቱዕ ውሕጅ ኣውሪዳ ስለ ዝጸንሓቶም ከይሰገሩ ክሓድሩ ተገደዱ። ድራር ስለ ዘይነበሮም ከኣ፡ እቶም ገያሾ፡ ሓደ ኻብ'ቶም ንኣይተ ፈለስኪኖስ ብህያብ ዝተወፈዩሎም ከብቲ ሓሪዶም ከበልዑ'ሞ ንሎሚ ሳርዳ ምስ ተመልሱ ክትክኡሎም ቃል ብምእታው ክህቡዎም ለመኑ። ኣይተ ፈለስኪኖስ ድማ፡ ቀልጢፎም ክመልሱሎም ኣምሒሎም ነቲ ብዕራይ ሃቡዎም።

ድሕሪ'ዚ ከም ዝሰዓብ ዝንገር ሞት ባሕረጋስ ዘርእሰናይ ወዲ ባሕረጋስ ትርኳይ እዩ። ባሕረጋስ ዘርእሰናይ በቲ ኣብቲ እዋናት'ቲ ዝውቱር ዝነበረ ኣዘማማት ጥሪትን ብጅግንነትን ፍሉጥ ሰብ ምንባሮም ይውረየሎም። ብ1785 ኣቢሎም ዕድመ ከይጸገቡ ብጕበዞም ምስ ሞቱ ድማ፡ ኣይተ ፈለስኪኖስ፡ ኣብ ሳርዳ ኸምዚ ኢሎም ኣልቀሱሎም ይብሃል።

---

[1] ቢልዓ = ዓዘራ፡ ትዕቢት።

### ወዲ ትርኳይ

ወዲ ትርኳይ ኢኻ ርቡሕን ስቡሕን
ወዲ ሸውዓተ ሎጎ ርቡሕን ስቡሕን
ንቐጢና ሓሊፍካ ትጒልሕን[1]
ርሒብ መረብ ሓሊፍካ ትጒልሕን
ሽሕ ጠይላ[2] ኣጕድካ ትስሕን
ኩብኩብካ ተምጽእን ሓራስን ፈታሕን
ኣብ ገናዲዕ ትተኸለለን መድሕን
ስረኻ'ምበር መዓልካ[3] ኣይነውሕን።

✹

እቶም ኣብ ስግር መረብ ብዕራይ ኣይተ ፈለስኪኖስ ሓሪዶም ዝተደረሩ ሰብ ሎጎ ሳርዳ ከም ውዕሎም ንዓዲ ምስ ተመልሱ ኣይተክኡሎምን። ኣይተ ፈለስኪኖስ ሃቡኒ ኽብሉ፣ ሎጎ ኽኣ፣ ገሊኦም "እተን ዝበላዕናየን ሐሕፍንቲ ዝኾና ምታር ስጋ ክንህበኩም'ምበር ብዕራይ ደኣ ካበይ ከነምጽኣልኩም፡" ኢሎም ዘቕብጹ፣ ገሊኦም ድማ፣ ብኣፎም "ንኹልና'ሞ ኣክቡና ሽው መኺርና ዝሓይሽ ክንገብር፡" ዝብሉ ብግብሪ ግን ዘይእከቡ ብምኻን ተኸኽ ኣበሉዎም። ኣዋርሕ ምናልባት'ውን ዓመታት ሓለፈ። ብዕራየይ ኣይመልሱለይን'ዮም ኢሎም ፈጺሞም ተስፋ ምስ ቈረጹ ድማ፡ በቲ ሕማቕ ዝፈደዩዎም ስለ ዝቖሓሩ ንሎጎ ዘዋርድ መልቀስ ጌሮም ዓዲ ከርሕቑ ወሰኑ። ነዚ ዝስዕብ መልቀስ ፈንዮም ከኣ ጠቕሊሎም ንትግራይ ከዱ ይብሃል።

### ዳሕዳሕኩዎኸ'ሞ

ዓድስ'ንካ እንሄልኩም እገላ
ዳጉዶም[4] ትነብር ምስ ዛዕጐላ
ጓል ቤቶም[5] ትነብር ምስ ደገላ
ሓምላ ኢሎም ዝጽዕኑ መሸላ

---

[1] ትጒልሕን = ተቋምት፡ ተማዕዱ።

[2] ጠይላ = በትሪ።

[3] መዓልካ = መዋእልካ፡ ዕድሜኻ።

[4] ዳጉድ = ጓጉድ፡ መሕለቢ ጸባ።

[5] ጓል ቤት = ናይ ገዛ ሰራሕተኛ፣ ሽቃሊት፣ ኣገልጋሊት።

ብዘይ ጒርዲ ብዘይ እንፊጬላ[1]
ጓለይ ሓዘትኒ ሕደር ኢላ
ኣብኣዶ'ታ ክሰርሕ ገበላ።

ዓድስ'ንካ እንሄልኩም ደጉዛይ
ስጋ ዝቐለቦም ጒርዚ ጒርዛይ
ተንኰል ዘይፈልጡ ህጃይ ምጃይ
ኣብኣ'ባ ከይት'ኸውን ገዛይ።

ዓድስ እንሄልኩም ደሪጬን
ዘሪእካዮ ዝበቍል ሓሪጬን
ናብ እምባ ክወጻ ተረቢጸን
ጥኑሳት ወድኣ ረረጊጸን።

ዓድስ እንሄልኩም ዘርኢ ሞሲ
ቀላይ ራዛ'ሞ[2] ይገብሩ ማሕረሲ
ትንፋሶም ዘየርክባ ቐሺ።

ዓድስ እንሄልኩም ኣብ ደጊዐን
ብቕጭን ዝኸዳ ተሸኺዐን
ኣብ ጽላል ዝውዕላ ተጸጊዐን።

ዓድስ እንሄልኩም ሽመጃና
'ታ ጒልጎሎም በጊዕ ዝኸዳና
ኣብ ጽላል መዓሎም ኣብ መሞና
መስተይቶም ንእሽቶ ቅምጫና[3]
ኣብኣዶ'ታ ክንሰርሓ ገዛና።

---

1 እንፊጬላ = ኣብ ዓውዲ ካብቲ ዝተዘርወ ቀንዲ ምህርቲ ብመጬሎ ተጒሊሉ ዝተፈልየ ካብ ጒርዲ ጽርይ ዝብል ክፋል ምህርቲ።

2 ቀላይ ራዛ፡ ዓሶኡ ኣይምሕርንዩ ተባሂሉ ዝንገረሉ ኣብ ሃዘሞ ዝርከብ ቦታ እዩ። ኣይተ ወልደድንግል'ውን ኣብ ገጽ 158 "ሰይጣን ቀላይ ራዛ" ኢሎም ኣለዉ። ከምኡ መበሊኦም ከኣ፡ ዓሶ ቀላይ ራዛ ከም "ወቕዒ ሰይጣን" ይሕሰብ ስለ ዝነበረ እዩ ዘምስል።

3 ቅምጫና = ከም መስተዪ ስዋ ወይ ሜስ ዘገልግል ዝነበረ፡ ሰብ ባህ ኢሉዎ ምእንቲ ክሰትየሉ ኸኣ፡ መብዛሕትኡ ጊዜ ተወቂጡ ዝሰለም ዝነበረ ብርለ መሰል ሓምሓም ወይ ኣቕሓ ማሬት።

ዓድስ እንሄልኩም ወደከለ
ዘረባእም ተሎ ዘይፍለ
ጊሓት ዒሉ ንምሸት ሂለለ።

ዓድስ እንሄልኩም ኣግዓ ጥርቀ
ሓሻኽሮም እኒ ጎሹ ወርቀ
ኣዳራሾም ብጠጂ ዝጠልቀ
ንሳቶም ገዲፍካ እንዳ መን ትዕቀ[1]።

ዓድስ እንሄልኩም ሰብዓ ዳሞ
ጸም ሓዲሮም መጸበቕቲ ህድሞ።

ዓድስ እንሄልኩም ስርኹሶ
ንኣታቶም ጥሕሎ ንጓል ቤቶም በሶ
ንኣታቶም ርግአ ንጓል ቤቶም ዓውሶ[2]
ሓደ ወደይዶ'ታ ኣብኣ ክሕውሶ።

(...)

ዓዲ'ሎና ኽብሉ ድዮም ሎጎ
ጽቡቕ ዘይክደኑ ዘይኣደጎ
ጸብሒ ዘይፈልጡ ዘይማልጎ[3]
ጥጥቖ ቐለቦም ወትሩ ምጎ
ምጎ ብምጎኡ ቢታ ድርጎ[4]
ሓደ ወደይስ ኣብ'ዚኣ ነይሓድጎ!

'ቲ ድላየይ ዳሕዳሕኩምኸ'ሞ
ንመልቀሳይ እንታይ ይግምገሞ
ፈረስ ማይ ረጊጽካስ ስግር ማይ ስገሞ
ደጊም ዓደይ ከይምለሳዶ'ሞ ።

❁ ❁ ❁

---

[1] ትዕቀ = ዓቀይታይ ትኸውን (ሱር ቃል ተዓቀየ)።

[2] ዓውሶ = ብራሕ።

[3] ማልጎ = ብሰንኪ ስእነት ካልእ ጸብሒ፣ መተሓፍስቲ ዝኸውን ሓርጭ ወይ በርበረ ኣእቲኻ ብምፍላሕ ዝዳሎ ጸብሒ ጸባ።

[4] ድርጎ = ብስፈ ትስራሕ ንእሽቶ መስፈሪት እኽሊ።

## *A wakeup call*

Many countries in the world honor their heroes and commemorate them eternally by erecting statues, naming streets, parks, schools, universities and all sorts of institutions in their names. Eritrea has failed to remember its heroes in all spheres of life and fields including statesmanship, military, scholarships, arts, literature, religion, music and sports. It would be too long to list all the great Eritrean personalities from antiquity to the present. Even the heroes of the last 50 years who have not been recognized and honored are very many.

I believe many will agree with me that Eritrea has many amazing individuals in history who have done something unique to their country in the field of politics, culture, education, sport etc, which we need to remember them for what they have done. It is disheartening though not to see biography books of Eritreans in the library shelves. Lately I have decided to open a section in my website that will be dedicated to the biography of individual Eritreans from all walks of life in history (*www.emnetu.com).*

To start with I have randomly established a list of possible candidates. I therefore ask you all to put additional names to the list and return it to me. The list has to accommodate only individuals who have passed away. In other words we will concentrate only on post mortem biographies. I will update the list when I hear from you. The list will remain open all the time for additional names.

If you are positive about this idea and you have the time I would challenge you all to write biographical sketch or find individuals who can be interested to write a biography on any in the list. If you come across anyone who has access to information but not ready to write, you can ask him/her to supply the information to me in any format (paper, diskette, gramophone dish, cassette, videos, photographs etc) so that I can send it to the one who is interested to write.

The size of the file is not important at all. What is important is remembering them and trying to document their history before it disappears all together. The size will be determined only by the amount of information available on these individuals. Of course the individuals in the list must have done something positive to the cause of our country or to the well being of our people and our culture.

Emnetu Tesfay